ደብዳበ ናብ ወለድን ሕጋዊ ኣለይትን ንፈለማ ግዜ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ህጻናት ዝኣትዉ ዘለዉ ቆልዑ

# ናይ ቤት-ትምህርቲ ከልካሊ መርመራ ሕክምና

ዝኸበርኩም ወለድን ሕጋዊ ኣለይትን ናይ «ስም ኣቦ»፣ «ስም»

ናይ ሓጋይ ዕረፍቲ ምስተወደአ ወድኹም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ህጻናት ክኣቱ እዩ። ነዚ ዓቢ ስጉሚ  ኣብ ህይወቱ ጽቡቕ መጀመርታ ትምህርቲ ከምኡ'ውን ብዙሕ ኣወንታውያን ተመኩሮታት ንምንየሉ።

**ከልከልቲ መርመራታት ጥዕና**
እቲ ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣገልግሎት ሕክምና ንኩሎም ተመሃሮ ካብ መባእታ ደረጃ ክሳብ ቀጻሊ ደረጃታትኣገልግሎት ይህብ።  ሕጊ ኣገባብ ቤት-ትምህርቲ  ሰለስተ ግድነታውያን ከልከልቲ መርመራታት ቤት-ትምህርቲ ሕክምና መዲቡ ኣሎ። ዕላማ ናይዞም መርመራታት ርከሳታት ብእዋኑ ምልላይ  ከም ኡ ውን ብሓፈሻ ናይ ቆልዑ ጥ ዕና ምፍላጥን ምርግጋጽን እዩ፣ኣዞም መርመራታት ብእዋኑ ብቑዓት ስጉምታት ንምውሰድ ይሕግዙ።  ትምኒትና ኩሎም ቆልዑ ዓቅምና ምስ ዝፈቅዶ ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ግዜ ከሕልፉ እዩ።

**ናይ ቤት-ትምህርቲ ከልካሊ መርመራ ሕክምና ኣብታ ናይ ግሊ ሓኪም ቆልዑ ወይ ኣብታ ዘቤታዊት ሓኪም ኣብ ውሽጢ መትከል ቍጽጽር 4 ዓመት ምክያድ ከምኡ'ውን ናብ ኣገልግሎት ቤት-ትምህርቲ ሕክምና መረጋገጺ ምምጻእ**
እቲ ቀዳማይ ናይ ቤት-ትምህርቲ ከልካሊ መርመራ ሕክምና ኣብ ደረጃ መዋእለ ህጻናት ክካየድ እዩ። እዚ ናይ ቤት-ትምህርቲ ሕክምናዊ መርመራ'ዚ ኣብ  4ይ ዓመት ቍጽጽርብግላዊ ሓኪም ቆልዑ ወይ ዘቤታዊ ሓኪም ናይቲ ቆልዓ ክካየድ ከምዘለዎ ብዞባዊ ሕጊ ኣገባብ ቤት-ትምህርቲ ተመዲቡ ኣሎ። እዚ መርመራ ነዞም ዝስዕቡ ይምልከት፥ ናይ ዓይኒ፡ ናይ ኣዝኒ፣ ቁመትን ክብደትን፣ መረጋገጺ ናይ ክታበትን ተኸታታሊ ምዕባለታትን የጠቃልል።
<u>ኣብ ቀዳማይ ዓመት መዋእለ ህጻናት ዘለዉ</u> መረጋገጺ ከልካሊ መርመራ ሕክምና ክሳብ <u>31 ጥቅምቲ</u> ናብ ኣገልግሎት ሕክምና ቤት-ትምህርቲ  ከምጽኡ ኣለዎም። ወይ ከኣ እቲ መረጋገጺ ፎርም ብቐጥታ ኣብቲ ናይ 4ይ ዓመት ቁጽጽር ናብ ሓኪም ቆልዑ ተማልእዎ።

**ወለንታዊ ሓበሬታ ኣብ መረጋገጺ ፎርም**

- **ቅዳሕ ፓስፖርትን ክታበትን ምቕራብ/ምጥባቕ**

  ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ሓደገኛ ተላጋቢ ሕማም ብከላ እንተተቐልቂሉ፣ ከም ንኣ. ንፍዮ ወይ መግላዊ ነድሪ ሓንጎል፣ እቲ ዞባዊ ኣገልግሎት ሕክምና ምስቲ ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣገልግሎት ሕክምና ሓቢሮም ብምስራሕ ነዞም ሕማማት ክውገዱ ኣዮም። ምክልኻል ክታበት ህጻናት ቤት-ትምህርቲ ኣብ ምቕልቃል ኣዞም ሕማም ዓቢ ታራ ኣለዎ፣ ኣድለይቲ ስጉምትታት ብአዋኑ ምእንቲ ክውሰዱ።
  ስለዚ ቅዳሕ ናይ ፓስፖርትን ናይ ክታበት መረጋገጺ ከተቕርቡልና ወይ ናይ ምክልኻል ክታበት ኣብቲ ወረቐት ፎርም  ካብ ሓኪምኩም ሰነዳዊ መረጋገጺ ከተምጽኡ ንዕድመኩም ኣለና።

- **ዜናታት ጥዕና**

  እቶም ናይ ሕጅን ናይ መጻኢን ንአከቦም ሓበሬታታትን ምዕባለታትን ጥዕና ህጻናት ንዓና ኣገደስቲ  እዩም። ስለዚ ውጽኢታት ናይ ከልካሊ መርመራ ሕክምና ቤት-ትምህርቲ ብሰመ-ስውር ከነስፍሮ ኢና፣ በዚ መንገዲ ሓበሬታ ጥዕና ህጻናት ቤት-ትምህርትታት ከተማ ዙሪጭ ክንሕዝ ንኽእል ። ናይ መርመራታት ውጽኢታት በቲ ጠቢቑ ዘሎ መረጋገጺ-ፎርም ብምቅራብ ኣገዳሲ ኣበርክቶ ንስራሕና  ዝሕግዝ ስለዝኾነክትሕግዙና ንሓተኩም ኣለና።

**መረጋገጺ ክሳብ ዕለት 31 ጥቕምቲ እንተ ዘይቐሪቡ**

አቶም ኣብ ቀዳማይ ዓመት መዋእለ ህጻናት ዘለዉ ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣገልግሎት ሕክምና ከተማ ዙሪጭ ክሳብ 31 ጥቕምቲ  መረጋገጺ ከምጽኡ ይሓተት፡ አዚ መረጋገጺ እንተድኣ ዘይቀሪቡ፣ ንወድኹም  ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሕክምና ቤት-ትምህርቲ ክንዕድሞ ኢና። እቲ ናይ ቤት-ትምህርቲ መርመራ ሕክምና ሽዑ ብኣና ክድገም እዩ፣ ናይ 4ይ ዓመት ቍጽጽር ክግበር ግን ኣይከኣልን እዩ።

**ሕቶታት፤**

መልስታት ናይ ብዙሕ ሕቶታት (FAQ) ኣብ ዝስዕብ ክትረኽቡ ትኽአሉ
www.stadt-zuerich.ch/vorsorgeuntersuchung-kindergarten
ተወሳኺ  ሓበሬታ እንተደሊኹም ናይ ቤት-ትምህርቲ ሓኪምኩም ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ኣድራሻ ኣብ ላዕሊ ዚ ወረቐት ወይ ኣብ ኢንተርነት ኣብ www.stadt-zuerich.ch/schularzt ክትረኽቡ ትኽአሉ።

**ንሓበሬታ፦**

ሰነዳት ብዛዕባ ምዝጋበ መዋእለ ህጻናት ኣብ ለካቲት ብቤትጽሕፈታት ዞባዊ ቤት-ትምህርቲ ተሰዲዶም ኣለው / ወይ ክስደዱ እዮም።

ንወድኹም ጽቡቅ ግዜ ኣብ  ቤት-ትምህርትና ከሕልፍ ድልየትና አዩ። ክቡር ሰላምታና ይብጻሕኩም።

ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣገልግሎት ሕክምና